ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ المفوضية الوطنية الإرترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean National Commission For Democratic Change

# ሰነዳት ሃገራዊ ጉባኤ ብቋንቋ ኩናማ ተተርጒሙ!!

ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ብምትሕግጋዝን ምውህሃድን ደምሓኩኤን ኣባላት ሃገራዊ ኮምሽንን ጉዱሳት ባእታታት ተወለድቲ ብሄር ኩናማን ብዝተወስደ ኣብነታዊ ተበግሶታትን ብርቱዕ ጻዕርታትን እቶም ኣርባዕተ ንድፊ ፖሎቲካዊ ሰነዳት ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብቋንቋ ኩናማ ብድሕሪ ምትርጓም ኮምሽን ተረኺብዎም ምህላው ይሕብር።

እቶም ብቋንቋ ኩናማ ተቶርጊሞም ንኮምሽን ዝተረኽቡ ኣርባዕተ ንድፊ ፖለቲካዊ ሰነዳት እዞም ዝስዕቡ'ዮም።

1. ንድፊ ፖሎቲካዊ ቻርተር ሃገራዊ መሰጋገሪ ባይቶ
2. ንድፊ መሪሕ ሓሳብ (Road Map)
3. ንድፊ ሕገ ህንጻ መሰጋገሪ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ
4. ንድፊ መሰጋገሪ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ

ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራሳዊ ለውጢ ነዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣርባዕተ ንድፊ ፖለቲካዊ ሰነዳት ናብ ህዝቢ ብቋንቋ ትግርኛን ዓረብኛን ምዝርግሑ ይፍልጥ። ብተወሳኺ'ውን ብቋንቋ እንግሊዝ ተቶርጒሞም ክዝርግሑ ኮምሽን ዘይሕለል ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ይርኸብ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ኣብ ልዕሊኡ ብቋንቋ ኩናማ ምትርጓሞም ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ዝርኸብ ህዝቢ ኩናማ ብግቡእ ብቋንቋኡ ተካቲዑን ተረዲኡን ኣብ መስርሕ ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ እጃሙ ንክጻወት ዝሕግዝ ሰናይ ተበግሶ'ዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ነቶም ኩሉ ግዚኦምን ጉልበቶምን ኣጥፊኦም ብተወፋይነት ነዚ ሰናይ ተበግሶ'ዚ ዕውት ዝገበሩ፡ ደምሓኩኤ፡ ኣባላት ሃገራዊ ኮምሽንን ግዱሳት ባእታታት ተወለድቲ ብሄረ ኩናማን ዝለዓለ ናእድኡ እናገለጸ፡ መላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ብተመሳሳሊ ነዚ ኣብነታዊ ተበግሶ'ዚ ክስዕቡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድማ ይጽውዕ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራሳዊ ለውጢ ኣብቲ ፖሎቲካዊ ሰነዳት ህዝብና ዘርእዮ ዘሎ ዓቢ ተገዳስነትን ተሳታፍነትን፡ እቲ ዝመጽእ ሃገራዊ ጉባኤ ሕብሪ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምዝጋብ፡ ዘካይዶ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቃልስን ምትሕብባርን የሞጉስ። መላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ነቲ ሰነዳት ንምድንፋዕን መስርሕ ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ብክንድ'ቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ንምዕዋትን ዝለዓለ ሃገራዊ እጃሞም ክጻወቱን ኩሉ ዓቕምታቶም ከበርክቱን ይምሕጸን።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ ኩሎም ግዱሳት ዜጋታት ነቶም ፖሎቲካዊ ሰነዳት ኣብ ዕላዊ መርበብ ሓበሬታ ሃገራዊ ኮምሽን www.encdc.com ክረኽብዎም ከም ዝኽእሉ ብድሕሪ ምሕባር፡ ኣብቲ ሰነዳት ዝቐርቡ ሃነጽቲ መማረጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ለበዋታትን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢ-መይል (politicalcomm10@gmail.com) ክቕበል ድልዉ ምህላዉ ኮምሽን የረጋግጽ።

**ዓወት ንመስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ!!**
**ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ!!**
**ስዕረትን ውድቐትን ንምልካዊ ስርዓት ኤሳይያስ!!**
**ዘኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰውኣትና!!**

**ሽማግለ ዜናን ሓበሬታን**
**ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ**
**21 ሓምለ 2011**
**www.encdc.com**